BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## Different meals

## ዝተፈላለዩ መኣዲ

*This is not a word-for-word transcript*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም: እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation ብድሓን መጻእኩም። እዚ መደብ'ዚ ኣገደስቲ ናይ እንግሊዘኛ ዝርርብ ሒዝልኩም ክቀርብ እዩ። ኣነ ተኸለማሪያም በኪት እየ፡ ኣብዚ ክፋል'ዚ፡ ብእንግሊዘኛ ካልኦት ሰባት እንታይ ከምዝበልዑ ምሕታት ክንምሃር ኢና።
ነዚ ዝስዕብ ዝርርብ ሓቢርና ንከታተል።

***Phil***
*Hi Sian. What do you eat for breakfast?*

***Sian***
*I usually eat porridge for breakfast. What about you?*

***Phil***
*I always eat fruit.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝበለ እነተመሲሉ ኣይትሻቐሉ። እዚ ምይይጥ ከፋፊልና ብምቅራብ ንኽትለማመዱሉ ክንሕግዘኩም ኢና።
እቲ ቀዳማይ ተዛራቢ ነቲ ካልኣይ ሰብ ቁርሲ 'breakfast' እንታይ ከም ዝበልዐ ሓቲትዎ።
መጀመርታ ስምዑ ብድሕሪኡ ድገምዎ።

*What do you eat for breakfast?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እታ ካልኣይቲ ተዛራቢት ዝበዝሐ ግዜ 'usually' ገዓት 'porridge' እየ ዝበልዕ ኢላ።
መጀመርታ ስምዑ ብድሕሪኡ ድገምዎ።

*I usually eat porridge for breakfast.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ቀጺላ ነቲ ቀዳማይ ተዛራቢ ሓደ ዓይነት ሕቶ ሓቲታቶ። ሓደ ሰብ ንዝሓተተካ ሕቶ ደጊምካ ሕቶ ክትሓቶ ምስ ትደሊ 'What about you?' ማለት ንስኻኸ? ኢልካ ክትሓቶ ትኽእል።

*What about you?*


© British Broadcasting Corporation 2018

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እቲ ቀዳማይ ተዛራቢ ኩሉ ግዜ ‘always’ ኣብ ቁርሲ ፍረታት ‘fruit’ ይበልዕ ኢሉ።

*I always eat fruit.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሕጂ ዘረባ እዞም ዝተፈላለዩ ሰባት ብዛዕባ መግቢ ዝዛረቡ እናሰማዕኩም ነብስኹም ገምግሙ።
ሮብ ንምሳሕ ፍርታትን ጸብሒዓሳን ‘fish stew’ ይበልዕ። ኒኮል ከኣ ደርሆን ‘chicken’ ሩዝን ‘rice’ ትበልዕ።

*Hi Rob. What do you eat for lunch?*

*I usually eat fish stew for lunch. How about you?*

*I usually eat chicken and rice.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሂዘር ኣብ ግዜ ድራር ‘dinner’ ስጋ ዕየት ‘lamb’ ትበልዕ። ኒክ ሓምሊ ‘vegetables’ ይበልዕ።

*Hi Heather. What do you eat for dinner?*

*I always eat lamb for dinner. What about you?*

*I usually eat vegetables.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ እምበኣር፡ ሕጂ ንፈትን ። ነዚ ናይ እንግሊዝ ምሉእ ሓሳብ ስሚዕኪም ድገምዎ። ንነፍሲ ወከፍ ክልተ ግዜ ክትሰምዕዎ ኢኹም።

*What do you eat for breakfast?*
*What do you eat for breakfast?*

*I usually eat porridge for breakfast.*
*I usually eat porridge for breakfast.*

*What about you?*
*What about you?*

*I always eat fruit.*
*I always eat fruit.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ እምበኣር፥ ሕጂ ማዕረ ክንደይ ነቲ ዝተማሃርክሞ ኢንግሊዘኛ ከምትዝክርዎ ነብስኹም ትግምግሙሉ ግዜ በጺሑ።
ነዚ ምሉእ ሓሳባት ብትግርኛ ሰሚዕኩም ብእንግሊዘኛ በልዎ።

*ኣብ ቁርሲ እንታይ ትበልዕ?*
*What do you eat for breakfast?*


© British Broadcasting Corporation 2018

*ዝበዝሐ ግዜ ጥዓት እበልዕ።*
*I usually eat porridge for breakfast.*

*ንስኻኸ?*
*What about you?*

*ኣነ ኩሉ ግዜ ፍርታት እበልዕ።*
*I always eat fruit.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሓራይ እምበኣር፡ ሕጂ ብዛዕባ መግቢ ምዝራብ ክኢልኩም ኣሎኹም። ነቲ ሕቶታት ናይ ቀዳማይ ተዛራባይ እናመለስኩም ልምምድ ግበሩ።

*What do you eat for breakfast?*
*I always eat fruit.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ጽቡቕ! ሕጂ ንብምሉኡ እቲ ዝርርብ ብምስማዕ፡ ንዝሃብክሞ መልሲታት ኣነጻጽሩ።

***Phil***
*Hi Sian. What do you eat for breakfast?*

***Sian***
*I usually eat porridge for breakfast. What about you?*

***Phil***
*I always eat fruit.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ብጣዕሚ ጽቡቕ! ሕጂ'ምበኣር ብእንግሊዘኛ ጌርኩም ብዛዕባ መግቢ ምዝራብ ተላሚድኹም ኣሎኹም። ንዝተማሃርኩምዎ ደጋጊምኩም ምልምማድ ኣይትረስዑ። መሓዛ ኣናዲኹም ብእንግሊዘኛ ብዛዕባ መግቢ ምዝራብ ልምምድኩም ቀጽሉ።
ኣብ ዝቕጽል መደብ Essential English Conversations የራኽበና። Bye for now!


© British Broadcasting Corporation 2018